## መኣዲ ትምህርታዊ ወግዒ

## ሱቕታ ሕዝብና ፣
## ፍርሃት ዲዩ ወይስ ስንፍና ?

ብ ንጉስ ሃይለ (መንስዓይ)

ኣብ ልዕሊ ሕዝብና ብኣውራጃ ፣ ብሃይማኖት ብዓዲ ደረጃ ኣድልዎ ክካየድ ጸኒሑን ኣሎን። ካብ ግዳያት ናይዚ ወጽዓ እዚ ሓንቲ ከኣ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኢያ ። እወ ፣ በቲ ዘጋጠማ ተቓውሞታትን ዕንቅፋታትን ዝሕጉሱ ደቂ ሃገር ኣለዉ ። ብኣንጻሩ በቲ ዘጋጥማ ጸገማት ጓሂ ዝስምዖም ዜጋታት እውን ኣለዉ ። ነዞም ጓሂ ዝስሞዖም እምበኣር ፣ ብሃገራውነቶም ምስጋናይ ኣቕርበሎም ። ብዝተረፈ ፣ ኣነ ብወገነይ ንሕዝቢ ኤርትራ ንምርዳእ ብዓቕመይ ገለ ጽሑፋት ከቕርብ ጸኒሔ ፣ ሎሚ'ውን ብኩነታት ተገዲደ ነዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ኣቕርብ እነኹ ።

ነቲ ብሃይማኖት ካቶሊኻዊ ዘይኮንካ ዜጋ እምበኣር ፣ ነዚ ብመንግስቲ ኤርትራ ተገይሩ ዘሎ ፣ ንመሰል ካቶሊኻዊት ቤተ ክርስትያን ዘራኽስ ኣብ ልዕል'ቲ ብደናግል ዝውነንን ዝመሓደርን ንዝኸነ ኤርትራዊ ግዳ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ዘገልግል ኣብያተ ሕክምናታት ተገይሩ ዘሎ ፣ ንብረት ናይ ምህጋርን መሰል ናይ ምግፋፍን ውሳኔ ብህጹጽ ከም ዝሰሓብ ንምግባር ኣብ ዝካየድ ጻዕርታት ንኽትተሓባበር እምሕጸነካ ።

ከም ግቡእ ኣብዚ ኩነታት እዚ ፣ ሃይማኖታውያን ትካላት ኤርትራ ኩላተን ማለት ናይ ኦርቶዶክስ ፣ ወንጌላዊት ፣ እስልምና ፣ መሰኻኽር የሆቫ ፣ ጰንጠ ፣ ተሓድሶ ፣ ሰቨን ደይስ ፣ ኣድቨንቲስት ወዘተ . . . ኣብ ጐድኒ ካቶሊኻዊት ቤተ ክርስትያን ደው ብምባል ፣ ጠለበን ብተግባር ናብ ጉዳዩ ዝምልከቶም ኣካላት ብጻዕቅን ብትርን ከስምዓን ምተገብኤን ። ከምዚ ከገብራ ድሉዋት ምስ ዘይኮና ግን ውጽኢት ቃልሰን ንመኣስ ጊዜን ንመንን ኢዩ ክከውን ? ንምኳኑ ፣ ሱቕታ ሕዝብና ፣ ፍርሃት ዲዩ ወይስ ስንፍና ?

ኣብ ቀንዲ ኣርእስተይ ክምለስ ፣ እዘን ዓውደ ፍልጠት ዝኾና ደናግል ፣ ካቶሊኻዊት ቤተ ክርስትያን ፣ ኣብ ልዕሊ ዘለወን ክውሰኻ ደኣ'ምበር ፣ ክምንጠላ ኣይኮነን ይግብኤን ነይሩ

። ገና ሞት ከይኰለፈትካ ወይ'ውን ጥዕና ከይጠለመትካ እንከላ ፣ ነዘን ዝዛረበለን ዘሎኹ ማሕበራት ደናግል ፣ ከምቲ ዝምነይኦ ፣ ኣብ መላእ ኤርትራ ብምሉእ ነጻነት ፣ እናተንቀሳቐሳ ንሕዝብና ንኽፍውሳ ንከተፍቅደለን ብስመይን ብስም ኵሉም ተመሃርቲ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ሳንታ ፋሚልያን ነበርን ለበዋይ ኣቕርበልካ ።

ተ ፈ ጸ መ